# ሕጂኸ ስለምንታይ?

ስርዓታት ኣመሪካን ትካላት ስለያኦምን ፍትሒ ዓምጺጾም ንሓቂ ብሓሶት ሸፊኖም ንህዝብታት ናይ ዓለምና ኣብ ኩናት ሓድሕድን ጥሜትን ካብ ዝሸምዎ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩስ ሕጂ'ውን ገና ይቕጽል ኣሎ፣ ብፍላይ ከኣ ንሃገራት ኣፍሪቃ። ብጸጋታተን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዓ ሃገራት ኣፍሪቃ ጸጋታተን ተዘሚቱ፣ ህዝበን ኣደዳ ጥሜትን ሕማምን ዓጸቦን ብኩናትን ክሽመም ካብዝገበሮ ሓደ ሮቛሒ እንተሃልዩ፣ ትካል ስለያ ኣመሪካ ባዕሉ ጫጪሑ ዝወደቦን ዘዋፈሮን ምኽኑ ዘይስሓትን ብሩህን ሓቂ እዩ። እቲ ነዝን ንካልእን ክጣበቕን ክኣልን ተባሂሉ ዝቖመ "ማሕበር ውድብ ሕቡራት ሃገራት"ውን ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ ግቡእ ዕላማኡ ስሒቱ፣ እኳ ብኣንጻሩ ደኣ እንኮ ኣገልጋሊ ናይ ስርዓት ኣመሪካን ትካላት ስለይኡን ምኽኑ እዚ ኣብ ዓለምና ካብ እዋን ናብ እዋን እናገደደን እናኸፈአን ዝረኤ ዘሎ ዘይህዱእን ዘይቅኑዕን ናይ  ዓመጽ ዕግርግርን ህውከትን ኩነታት ጭቡጥ መረዳእታ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ህዝብታትውን ንሕና ኤርትራውያን ኣጸቢቕና ዝተሞከርናሉን ገና ሕጂውን ብቐጻሊ ንሙከረሉ ዘሎና ርኡይ ሓቂ እዩ፣ እቲምንታይ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብስርዓት ኣመሪካን መሻርኽቱን ተጠጂኡ፣ ብሽፋን "ውድብ ሕቡራት ሃገራት" እናተባህለ ዝተበየነልና ኢ-ሰብኣዊ ብይን ውሑድ ስለዘይኮነ፣ ገና ሕጂውን ኣብዚ መበል 21 ክፍለ-ዘመንና ብዝገደደ መልክዑ ይቕጽል ስለዘሎ።

ገለ ካብቲ ንረብሓ ስርዓት ኣመሪካን መሻርኽቱን ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተበየነ ኢ-ሰብኣዊ ብይናት ንምጥቃስ፣

- ኩለን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ምሉእ ናጽነተን ክወሃበን'ከሎ፣ ንዓና ንኤርትራውያን ግን ናይ ምሉእ ናጽነት ድልየትና ብምጥምዛዝን ብምግሃስን ብዘይድሌትና ምስ ጎረቤት ኢትዮጵያ ብሓይሊ ኽኽንቁረን ብሕቡራት ሃገራት ተበይኑልና፣
- ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምጭፍላቕን ንኤርትራ ካብ ካርታ ዓለም ንምድምሳስን ዘይተኣደነ ወታሃደራዊ ሓገዛት ንስርዓታት ኢትዮጵያ ኣበርኪቶም፣
- ህዝቢ ኤርትራ ብቀመማዊ ናፓል ጋዝ ክነድድ፣ ሰብ-ፍጡር ክነሱ ብታንኪ ክጭፍለቕ፣ ንስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብክንዲ ምኹናን፣ ብኣንጻሩ መጠነ ሰፊሕ ሓገዛት ንስርዓት ኢትዮጵያ ኣወፍዮም፣
- ዓድታትና ቤተክርስትያናትናን መሳጊድናን ብቦምቢታት ክነድድ፣ ኤርትራዊያን ኣዴታት ብሳንጃ ኣጥባተን ክቑረጻ፣ ንስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብክንዲ ምኹናን ደጊፎም፣
- ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣፍደገ ናጽነት ምስበጸሐውን ቃልስና ንምዕ ምጻጽን ኣንፈትና ንምስሓትን ዘይፈተኑዎን ዘይፈጸሙዎን ሽርሕታትን ውዲታትን ኣይነበረን፣

በትሪ ሓቂ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን ስለዝኾነት፣ ሳላ ጽኑዕ ህዝብን ኣብ ሓቂ ዝተሞርከሰ ቅኑዕ መሪሕነትን ግን ድሕሪ ናይ ልዕሊ ርብዒ ዘመን መሪር ብረታዊ ቃልስን መስዋእትን ምርብራብን ምስ ስርዓታት ኢትዮጲያን ተሓባበርቶም ሓያላት ናይ ዓለምን ህዝቢ ኤርትራ ብውልቁ ምሉእ ናጽነቱ

ክንናጸፍ ግድነት ኮነ፡ እታ ብደምን ወስዋእትን ዝተሰርሐት ሃገራዊት ባንዴራ ኤርትራ ድማ ማዕረ ኩለን ሃገራት ደው ብምባል ኣብ ቅድሚ ኣፍደገ ቤት ጽሕፈቶም ብድምቀት ኣንበልበለት፡ ነቲ መዋእልና ተቓሊስና ብሉጻት ቀያሕቲ ከፊልና ዘምጻእናዮ ናጽነት ግን፡ ንስርዓታት ኣመሪካን መሻርኽቱን ዘይዋሓጥ መሪሪ  ዕረ-ሓሞት ኮኖም፡ ኘኽውሕጥዎ ግን ናይ ግድን ኮነ።

ነቲ ተገዲዶምን ከይፈተዉን ዝኣመንሉ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግ፡ ስርዓት ኣመሪካን ትካላት ስለዩኡን ከም ዓቢ ጉዳይ ስርሖይ ኢሉ ተተሓሓዞ። ምስቲ ሓሳድን ቀናእን ዝኾነ ኣገልጋሊኡ ስርዓት ወያነ ብምትሕብባር ድማ ብሽም ዶብ ኣሳቢቦም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ቁሉዕ ወራር ኣካየዱ። ዝተራቐቐ ኣጽዋራትን ንዕኡ ዝትኩሱ ወጻእተኛታት ብምዕሳብ ድማ ቀዳማይ! ካልኣይ! ሳልሳይ! እናበሉ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ኣካየዱ። እቲ ዘይሕለልን ዘይጸዓትን ህዝቢ ኤርትራን መሪሕነቱን ግን ንወራራት ወያነ ኣለሽ ብምባል ንኹሉ ሽርሕታትን ውዲታትን ጸላእቱ ኣፍሺሉ ኅብለል ናይ ዓለምና ኮይኑ ከምዝተዓወተ ሓበን ንህዝቢ ኤርትራ፡ ዳግማይ ፍሽለት ንስርዓት ኣመሪካን ሰዓብቱን ከምዝነበረ ኩሉ ዝፈልጦ ምግናን ዘየድልዮ ታሪኻዊ ትእምርትን ሓቅን እዩ።

እቲ ናይ ቀደም እከይን ፍሹልን ተግባራቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን ብዝተፈላለየ ናይ ተንኮል መገዲታት ብምቕጻል፡

- ኤርትራ ምስ ካልኦት ሃገራት ዘለዋ ጽቡቕ ዝምድናታት ንምዝራግን ንምፍሻልን ላዕልን ታሕትን ይብሉ፡
- ንኹሉ ናይ ባሕርን ኣየርን ምንቅስቓሳትና ብጥብቂ ንምቁጽጻር፡
- ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ኤርትራ ሃጓፉት ንምፍጣር ከዳዓት ይዓስቡ፡
- ንህዝቢ ኤርትራ ብኣውራጃን ብብሄራትን ብምምቕቓል ኣብ ሓድሕዳዊ ኩናት ንምቑራን ብቐጻሊ ይሰርሑ፡
- ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓድነት ንመዋእል ዝዓቀቦ ሃይማኖት ንምዝራግ፡ መሳርሒ ፖለቲካ ዝኾኑ ናይ ግዳም ፖለቲካዊ-ሃይማኖታት ምትእትታው፡
- ህዝቢ ኤርትራ ብቁጠባ ንምድኻም ንኹሎም ኣውፈርቲ ትካላት ናብ ኤርትራ ከየዋፍሩ ምፍርራሕ፡
- ነቲ ናይ መወዳእታን ቀያድን ዝኾነ ብይን ዶብ ምስ ኢትዮጲያ ንኸይትግበር ምስምሳት ፍጢርካ ምትሕልላኽ፡
- ንኤርትራ ብሓሶት ከም ሃገረ-ሽበራ ሰሚኻ ንኤርትራ ምጽላምን ካልእ ዝተፈላለየ ገበናት ኣብ ልዕሌና ተፍጺሙ እዩ። ነዝን ንኻልእን ሽርሒታት ከይዓጀቦ ህዝብን መንግስትን ኤርትራን ግን ኣብ ግስጋሴ ቁጠባዊ ሓርነት ዘመዝገቦ ዓቢ ዓወታት ብብዙሓት ሃገራት ፍሉይ ኣድናቆት ዝረኸበን ንኻልኦትውን ከም ናይ  ምዕባለ ኣብነት ዝጥቀስ ሓቂ እዩ።

ነዚ ንምዕንቃጽ፡ እንሆ ሕጂውን ካብቲ ቐደም ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ግፍዕታት ዘይፍለ፡ በቲ ባዕሎም ዝውንንዎ “ውድብ ሕቡራት ሃገራት” ሽፋን ብምግባር ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ኣብ ሓሶት ዝቦቐለ ሓቂ-ኣልቦ ዝኾነ ናይ ማዕቀብ ብይን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣመሓላሊፎም።

ስለምንታይ? ዕላምኡኸ? ንመን? ዝብሉ ኣገደስቲ ሕቶታት ክለዓሉ ግድን እዩ።

**ስለምንታይ? ንዝብል ሕቶ፣**

- እዚ ኣብ ኤርትራ ብናህሪ ዝሱጉም ዘሎ ምዕባለ ቁጠባዊ ሓርነት ንኻልኦት ሃገራት ብፍላይ ገና ንዘይማዕበላ ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት ስለዝኾውን፣
- እዚ ዘሎ መንግስቲ ኤርትራ ንረብሓ ኣመሪካን መሻርኽቱን ከም ከዳሚ ኮይኑ ስለዘየገልግል፣
- መንግስቲ ኤርትራ ብቐጻምነት ንረብሓ ኤርትራ ስለዘቐድም፣
- ኣብቲ ብናይ ንጹሃት ደም ዝጨቀወ ታሪኽ ኣመሪካ ከዳሚ ዘይምዃን እዩ እቲ ቀንዲ ሓቂታት።

**ዕላምኡኸ?**

- ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከም ማይን ጸባን ስለዝኾነ፣ በዚ ዘይፍትሓዊ ብይን ገለ ሃጓፍ እንተተፈጥረ ዝብል ኣጉል ሕልሚ፣
- እቲ ንመዋእል ብብረታዊ ኩናት ዘይተሳዕረ ጽኑዕ ህዝቢ ኤርትራ ብስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ኣዳኺምካ ንኽትስዕሮ ምፍታን፣
- ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ በታቲንካ፣ ከም ናይ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ነንሕድሕዱ ኣናቒትካ ንናይ ተፈጥሮ ጸጋታቱ ምምዝማዝ፣
- ነቲ ዝቦኽቦኸ ስርዓት ወያነ ካብ ኣፍደገ ሞት ንምድሓን ገለ ትንፋስ መስኩዒ እንተኾኖ ዝብል ጣቓ ዘይብሉ ናይ ቀትሪ ሕልሚ እዩ።

**ንመን?**

- ነቲ ትማሊ መሬት ከም ኣፍ ዑንቂ ክትጸብብ ዘይተንበርከኸ፣ ነቲ ንበይኑ ባዕሉ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ዓቢ ዓውት ዝተጓናጸፈ፣ ነቲ ትማሊ ንሓያላት ሃገራትን ስርዓታት ኢትዮጵያን ኣለሽ ኣቢሉ ዝሰዓረ፣ ነቲ ብኩሉ ማእዝናት ተኸቢቡ ምእንቲ ናጽነቱን ሉኣላውነቱን ንሓንቲ ካልኢትውን ናይ ተምበርካኽነት መንፈስ ዘየርኣየ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝቐነዐ እዩ።

እዚ ናይ ሕጂ ዘይፍትሓዊ ብይን'ውን ከምቲ ናይቀደም ብሉሙድ ሓድነትናን ሓያል ተጻዋርነትናን ከምቶም ኩሎም ዝፈሸሉ ዕንደራታትን ውዲታትን ሕጂውን ከምቀደም ብዝሓየለ ጥርናፈን ኣወዳድባን ከምዝፈሽል ዘየጣራጥር እዩ።

ስለዚ ነዚ ፉንፉን ዝኾነ ቶንኮላት ኣመሪካን መሻርኽቱን ዝጠጆኡዎ ዘይፍትሓዊ ናይ ማዕቀብ ብይን፣ ኩሉ ኣብ ውሽጥ ወጻእን ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ኽጥንቀቐሉን ክጎርሓሉን፣ ኣንፈቱ ከይሰሓተ፣ ንምፍሻሉ ድማ ኩሉ ዘድሊ ዘበለ ብዕቱብነት ክፍጽም ናይ ነፍሰወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ እዋናውን ታሪኻውን ሓላፍነት ዝጠልቦ መድረኽ ምዃኑ ምዝኽኻር ዘድልዮ ኣይኮነን።

ህዝብን መንግትን ኤርትራ'ውን፣ ብናይ ጽባሕ ብሩህ ተስፋ እምበር፣ ብናይ ሎሚ ጸበባ ዝድህለል ስለዘይኮነ፣ ኩሉ ተሰጊሩ ዓወት ናትና ምኳኑ፣ ነቶም ተግበርቱውን ዳግማይ ሕፍረት ከምዝኸውን ግድነት እዩ።

**ዘልኣለማዊ ዝክሪ ንሰማእታትና!   ሕጂ'ውን ዓወት ንሓፋሽ!**